## ኣብ ዝተፈላለየ መዓላ ዝውዕል ቀለም እተፍሪ ፋብሪካ ብወግዒ ተመሪቓ።

----------0----------

ኣብ ዝተፈላለየ መዓላ ዝውዕል ቀለም እተፍሪ፡ “ኵዌከር ከለር” ብዝብል ስም እትጽዋዕ ፋብሪካ፡ ሎሚ 7 ሓምለ ብወግዒ ተመሪቓ።

እዛ ኣብ ዞባ ማእከል፡ ዓዲ ሰግዶ ኣብ 2 ሽሕ ትርብዒት ሜትር ዝተደኮነት ብሽርክነት ኤርትራዊ ኣቶ ሰለሙን ተስፋገርግስ በዓታይን ኣመሪካዊ ምሁር ሚስተር ኒክ ካይፕሮስ እትውነን ፋብሪካ ንመህነጺኣ፡ ማሺነሪን መዐደጊ ቐመማትን ዛጊት 1 ሚልዮን ዶላር ወጻኢ ተገሩላ ኣሎ።

ኣብ ሚኒስትሪ ንግድን ኢንዱስትሪን ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኢንዳስትሪ ኣቶ እምሃ ኪዳነ መሪቑ ከፊቱዋ። ኣብቲ ናይ ምምራቕ ኣጋጣሚ ሚኒስተር ህንጻ ዝርከቦም ሰበስልጣን መንግስቲ፡ ዲፕሎማሰኛታት፡ ኣብ ስርሓት ህንጻ ዝተዋፈሩ ኪኢላታት፡ ሰብ ዋኒነ ትካላትን ዕድመ ዝተገብረሎም ኣጋይሽን ተረኺቦም።

ኣቶ ሰለሙን ኣብቲ ኣጋጣሚ ኣብ ዝሃቦ መብርሂ፡ ቀንዲ ዕላማ ምትካል ናይታ ፋብሪካ፡ ነቲ ምስ ምህናጽ ሃገር እናንሃረ ንዝመጽእ ዘሎ ጠለባት ቀለም ንምርዋይን ናይ ወጻኢ ሸርፊ ንምድሓንን ምኳኑ ኣረዲኡ። ምዕቡል ቴክኖሎጂያዊ ኣሰራርሓ ንምትእትታውን ሸቕለት ንምፍጣር ግደ ከምዝህልዋ ውን ገሊጹ።

እታ ፋብሪካ ንስርሓት ቆርበት ፡ ንመንደቕ፡ ንዓለባታት፡ መድመቒን መመልኪዒን ዝሃሰሱ ስርሓት ፕላስቲክ፡ ንስነ-ጥበባዊ ስርሓትን ምልክታት ጽርግያን ዝኸውን ዝተፈላለየ ቀለም ተፍሪ።

ድሕሪ ቅሩብ እዋን ናይ ሓጺን፡ ንጃላቡን መራኽብን ዘገልግል ቀለም ከምኡ ድማ ቨርኒቸ ከምእተፍሪ ድማ ኣቶ ሰለሙን ሓቢሩ

እዛ ኣብ የካቲት 97 ክትህነጽ ዝጀመረት ፋብሪካ ህንጻዊ ስርሓታ ኣብቲ ዓመት ቲ ኳ እንተተዛዘመ፡ ካብ መወዳእታ 2ሽሕ ጀሚራ እያ ብውሑድ ዓቕሚ ፍርያታ ንመሸጣ ከተቕርብ ጀሚራ። ካብ መፋርቕ ናይዚ ወርሒ ዚ ከኣ ፍርያታ ብወግዒ ንዕ ዳጋ ከምእተቕርብ ተፈሊጡ። ብፍላይ እቲ ንህንጻ ዘድሊ ቀለም ብኤርትራዊ ተባላሕነት ስለዝተዳለወ፡ ነዚ ንምንጽብራቕ ብ“ራህዋ-ቀለም” ዝብል መጸውዒ ናብ ዕዳጋ ከምዝቐርብ ተሓቢሩ። እቲ ናይ ቆርበት ቀለም ድማ ብዓይነቱ ኣብ ሃገራት ሳልሳይ ዓለም ንመጀመርታ ግዜ ዝፈሪ ዘሎ ምኳኑ ኣቶ ሰለሙን ኣገንዚቡ።

ነታ ፋብሪካ ዘድሊ ጥረ-ነገራት ኣስታት 40 ሚእታዊት ኣብ ውሽጢ ሃገር ይርከብ። ዛጊት ንኣስታት 30 ሰራሕተኛታት ናይ ስራሕ ዕድል ከምእትኸፍት ውን ተፈሊጡ።

-------0-------